# 24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት

*24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነት*
*ጸልማት ቀንጢጣ ብርሃን ዝኸፈተት*
*ንመግዛእቲ ነበረያ ነብረ ዝገበረት*
*ንጸላእትና ጥራሕ ዘይኮነ ንተሓባበርቶም ዘሕፈረት*
*ንዓና ዓቢ ዓወት ንዓታቶም ግን ክልተ ሞት ዘግሃደት*
*ግንከ ናጽነት  ትምʼኢላ ኣይኮነትን ዝመጸት*
*ክንደይ ቀያሕትን ብሉጻትን ዝቐበረት*
*ኣላኺ ስድራብት ፈጺማ ዝጸነተት*
*ብዘይ ኣለይቲ ዝተረፈት*
*ናጽነት ናጽነት እዚኣ እያ ናጽነት*
*ብዘይ ሃገርʼዶ ኣሎ ክብረት*
*ባንዴራና ኣብ ዓለም ኣንበልበለት*
*ልቢ ኤርትራዊ ሰሓበት*
*ኣብ ኵሉ መዳይ ተራእየ ናይ ህዝብና ሓድነት*
*ውዲት ጸላእቲ ክሕለም እንኰሎ ዝምክት*
*ዋሽንግቶን ድሲን ጀነቭን ኣውስትራልያን 2010 ዓ/ም ምስክር ዝኮነት*
*ንኺድ ጥራህ ኵልሳዕ ንቕድሚት*
*ሓቂ ዝሓዘ ኵሉ ግዜ ይዕወት*
*ሓድነትና ንሓልዋ ንዘንት ዕለት።*

*ሃገርን ኣደን ሓደ እየን*
*ኮታ ፍልልይ የብለንን*
*ልዕልኹሉ ትሓስበለንን ተፍቕረንን*
*ሃገር ከይቀሰነት ንሕና ነይንቐስን*
*ዝመጸ እንተመጸ መሊስና ንሓንን*
*ውሑዳን እንከሎና ተረርቲ ከም ሓጺን*
*ንጸላኢ ርእሱ ነድንን*

*መንʼዩ ብሃገሩ ዘይሕጐስ*
*መንከ ኣሎ ዘይግደስ*
*ገሊኡ ደሙን ዓጽሙን ይኸስክስ*
*ገሊኡ ገንዘቡን ንብረቱን ይልግስ*
*ገሊኡ ድማ ጕልበቱ የፍስስ*
*ኣብ ውሽጢን ኣብ ደገን ዘሎ ህዝብና መብጽዕኡ ከሐድስ*
*ብሰንኪ ኵናት ዝተረመሰ ቍጠባ ሃገር ክመልስ*
*ብጻዕርና እኽልን ወርቅን ክሕፈስ*
*ሃገርና ክትኵላዕ  ከትሕደስ*

*ዓወት ንሓፋሽ*

*ተስፋይ ጀርመን*